*ባሕቲ መስከረም ታሪኻዊት ዕለት፣ጽንብል መበል 63 ዓመት፣ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፣ብጅግና ሓምድ እድሪስ ዓዋተን ሓርበኛታት ብጾቱን ብ61ባሕቲ መስከረም፣ ዝተጀመረ ብረታዊ ቃልሲ፣ድሕሪ 30 ዓመት ብረዚን መስዋእቲ (ብ91ምስ ተዛዘመ።*

*ን33ዓመታት ብሕጊ ኣልቦ ብጉጅለ ህግደፍ ባርነት፣አንበር ቅዋማዊ መንግስቲ ኣይተተኸለን፣ትምኒት ህዝብና ኣይሰመረን፣ ብኢሰያስ ዝመርሖ ፋሽሽታዊ ጉጅለ ስለ ዝተዛዘመ፣ህዝቢ ኤርትራ ንካላኣይ ግዜ ንባርነት ተፈሪዱ፣መግዛእቲ ጭፍራ ህግደፍ አንበዛ ገዲዱ፣ንሐደ ዕላማ ስኒት ሲኢና ከይንተኣማመን፣መጸዋዕታ መስከረም ክንብል በለ አንበር፣ኣይተከባወን፣ ክንተኣማመን።*

*ሕድሪ ሓርበኛ ስዉእ ሓምድ አድሪ ዓዋተ፣ህያብ ጀጋኑ ሰማእታተ፣ዘራጊ ማይ ከሎዶ ጽሩይ ማይ ይስተ፣ንባርነት ኣይኮነን ቃልሲ ዝተመስረተ፣ናይ(33)ዓመታት ባርነት ክዛዘም፣ንፍትሒ ንሐርነት ባህግናን ዕላማና ሐደ፣በብሐደ ሰብ አንዳ ወሐደ፣ቃልስና ኮይኑ ዶ ጭርጭር ዓበደ፣ንደግማይ ትንሳኤ ወሲና ዘይንብግስ አንታይ ንጽበ።*

*አዛ ብርኩታ አምኒ ኣላታ*
*ዓገብ ኣብ ሕድሕድና አወታ*
*ኣይንወርውሮ ጭማራ ምስ ዋልታ*
*ያኣክል ንህግደፍ ኣሚንካ ህውተታ*

*ኤርትራ አወ ናይ ሰማእታትና ህያብ*
*ሕድሕድ ደም ምፍሳስ አወታ ዓገብ*
*ጸረ ናይ ሓባር ጸላኢና ንፋቀር ንካዘብ*
*ግዳይ ከይንኸውን ኣዚርና ንሕሰብ፣*

*ኣብ ዓድኹም ምንባር ከሊኡ ክነሱ*
*ክንዲ ንጉጅለ ህግደፍ ብስኒት ተልግሱ*
*ንረብሐ መንዩ ሕድሕድ ደም ትፋሰሱ፣*

*መስከረም ንደግማ ትሳኤ ኣዋሃሃዲ*
*ኣዋሃሂዱ ዘቃልስ ክንድ ሽሕ ውለዲ*
*ሐረስታይ ምህርቱ ክሐፍስ ካብ ዓውዲ*
*ካብ ጭፍራ ህግደፍ ሐራ ዝገብር ንዓዲ፣*

*ኤርትራዊ ወደባት ምስ ወነኖ ንርስቱ*
*ባዕሉ ክጥቀመሉ ንምናዕድናት መሬቱ*
*ክንዲ ጭላይ ምስ ማሕረሻ ዕርፉ ነዊቱ*
*ብትራክተር ሐሪሱ ስገም ስርናይ ከአቱ*
*በዓል ሐምራ ንጸባ ንስጋን ክኾና ጥሪቱ፣*

*ህግደፍ ንህዝቢ ንምድንጋር*
*ሸም ለዊጡ ብራባዓይ ግንባር*
*ዋርሳይ ሕጂ የዴኪ ምብርባር*
*ድምጽኻ ከተስምዕ ብተግባር፣*

*ዓገብ ብኣውራጃ ኣፋላላይ፥ዓገብ ነስላማይ ምስ ክስታናይ፣ሐቢርና ክንምክቶ ነዚ ድራኩላ ካሕዳይ፣ኣብ መበል 63 ዓመታ መስከረም ትላቦ፣ሕድሕድ ደም ምፍሳስ ያኣክል አንዳ በለት ሐደራ፣ዓገብ ካብ ራስ ቄሳር ክሳብ ራስ ዲሜራ፣ንኤርትራዊያን ደቂ ምድሪ ባሕራ።*

*ህዝቢ ኤርትራ ንነጻነቱን ንሐርነቱን ንመሰለን ከምዘይ ተበጀወ፣ኢትዮጵያዊ ሎኡኽ ኣርወ፣ኣይከሰርናን ኢሉና አወ፣ንፍትሐዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝጨወዩ ሽፋቱ፣ጊኪጊስቱ ግኪጊስቱ፣ከም ሰል ዛይለስላሴ(ወ)መንግስቱ፣ነቶም ንፍትሒ ረዚን ዋጋ ዝኸፍሉ ዘለዉ፣ ዘለኣለማዊ ክብርን ሞጎስን፣ፋሽሽታዊ ጉጅለ ህግደፍ ኣይኮነን ነባሪ፣ካብ ዘረባ ወጺና ናብ ግብሪ ምስ ክንሳጋገር፣ህዝቢ ኤርትራ ብሐርነት ክብሰር፣ታሪኻዊ ባሕቲ መስከም፣ ንዘላኣለም ከቢራ ትንበር።*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና ፣ስዕረት ንጀንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን ንውሳባት መረብ ምላሽ ኤርትራዊያን ኢና በሃልትን፣ብኣባል ተ፣ሐ፣ኤ፣በርሀ ዑቅባዝቢ ካብ ሃገር ጀርመን ሐዩ መስከረም 2024።*